Migration and Refugee Services — Renewing Hope. Seeking Justice. — United States Conference of Catholic Bishops | United States Conference of Catholic Bishops

# <u>ናይ ድሕነት ምኽርታት ኣብ እዋን ምርጫ</u>

*ኣብ ኣሜሪካ ንፕረዚደንት ዝምልከት ሃገራዊ ምርጫ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 4 ዓመት ማለት ኣብ ቀዳማይቲ ሰሉስ ናይ ወርሒ ሕዳር ይካየድ። ኣብዚ ግዜ እዚ፣ ሰባት ኣብ ስደተኛታትን ትካላት ዳግመ-ምጥያስን ዝያዳ ተገዳስነት ክህልዎም ይኽእል እዩ። ኣብ ታሕቲ ብዛዕባ ኣብ ኣሜሪካ ከጋጥሙኻ ዝኽእሉ ኩነታት ዝሕግዙ ዝተወሰኑ ናይ ድሕነት ምኽርታትን መምርሒታትን ኣለዉ። ሕቶታት እንተሃልዩካ ምስ ናይ ዳግመ-ምጥያስ ትካልካ ተዘራረብ።*

- ሓደ ሰብ ቃለ መሕትት ክገብረልካ እንተደልዩ፣ ኣይፋል ናይ ምባል መሰል ኣሎካ። ሓደ ሰብ ብቪድዮ ክቐድሓካ ወይ ክስእለካ እንተደልዩ ኣይፋል ናይ ምባል መሰል ኣሎካ። “ኣይትሰኣለኒ” ወይ “ረሓቐለይ” ዝብሉ ነገራት ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ። ብቕልጽምካ ገጽካ ክትሸፍን ውን ትኽእል ኢኻ። ኣይትህደም፣ ነዚ ሰብ’ዚ ክትበኣሶ ውን ኣይትፈትን፣ ሸለል ኢልካዮም ጥራይ ጉዕዞኻ ቀጽል። ንውሕስነትካ ዘስግእ ኮይኑ እንተተሰሚዑካ፣ ሓገዝ ንምርካብ ደውል።

- ሓደ ሰብ ከፈራርሓካ ብተሌፎን እንተ ደዊሉልካ ኣይትመልሰሉ። ቁጽሪ ተሌፎን፣ እቲ ሰብ እንታይ ከም ዝበለ፣ ተባዕታይ ድዩ ኣንስተይቲ፣ ድሕረ ባይታ ድምጽን ካልእ ዝኾነ ዝርዝርን ጽሓፎ። ድሕሪኡ ነቲ ናይ ቴሌፎን ጻውዒት ኣቋርጾ። ብዛዕባ እቲ ጻውዒት ምስ ሓላፊ ጉዳይካ ተዘራረብ እሞ መዘኻኸሪታትካ ኣርእዮ። ነቲ ናይ ቴሌፎን ጻውዒት ናብ ኣኽበርቲ ሕጊ ክትሕብር ክሕግዙኻ እዮም።

- ሓደ ሰብ ብጽሑፋት ወይ ብማሕበራዊ መራኸቢታት እንተ ኣሸጊሩካ ኣይትመልሰሉ። ናይ መልእኽቲ ጽሑፋት ወይ ብኢንተርነት ዝመጹ መልእኽትታት መዝገብ ምሓዝ። ነቶም መልእኽትታት ከመይ ጌርካ ናብ ሰበስልጣን ከም እትሕብሮም ንምፍላጥ ምስ ሓላፊ ጉዳይካ ተዘራረብ።

- ውልቃዊ ሓበሬታ ምስ ዘይትፈልጦ ሰብ ኣይትካፈል። ሓደ ሰብ ብተሌፎን እንተ ደዊሉልካ ወይ ኢመይል እንተ ሰዲዱልካ እሞ ድማ ከም ቁጽሪ ማሕበራዊ ድሕነትካ፣ ዕለት ልደትካ፣ ወይ ቁጽሪ ሕሳብ ባንክኻ ክትህብ ዝሓትት እንተኾይኑ፣ ክምዚ ዝኣመሰለ ሓበሬታ ኣይትሃቦ! እቲ ሰብ እቲ ሓበሬታ እንተዘይሂብካዮ ክትስጎግ ወይ ናብ ቤት ማእሰርቲ ክትኣቱ ኢኻ እንተኢሉካ እዚ ምትላል (ተንኮል)’ዩ! ብዛዕባ ሓደ ነገር ርግጸኛ እንተዘይኮንካ፣ ቅድሚ ስጉምቲ ምውሳድካ ምስ ሓላፊ ጉዳይካ ተዘራረብ።

- ስልክኻ፣ ኢመይልካ፣ ከምኡ’ውን ኩሎም ናይ ኦንላይን ሕሳባትካ (ከም ናይ ባንክ ሕሳብካ) ጽቡቕ ፓስዎርድ ከም ዘለዎም ኣረጋግጽ።

- ከባቢኻ ኣስተውዕለሉ። ለይቲ በይንኻ ኣይትንቀሳቐስ ከምኡ ውን ምስ ካላኣይካ ወይ ብጉጅለ ክትንቀሳቐስ ፈትን። ኣብ ከባቢኻ ዘጠራጥር ነገር ወይ ሰብ እንተርኢኻ ንሓደ ሰብ ንገር። ኣብ ቅጽበታዊ ሓደጋ እንተሃሊኻ ናብ 911 ደውል።

- ኣብ ገዛ፣ ናይ ደገ ማዕጾን መስኮትን ከም ዝተቖለፈ ምርግጋጽካ ኣይትረስዕ። ዘይትፈልጦም ሰባት ናብ ገዛኻ ክኣትዉ ኣይትፍቀድ። መስኮት ናይ ገዛኻ መጋረጃታት ግበረሉ ከምኡ ውን ኣብ እዋን ለይቲ ናይ መስኮትን ማዕጾን መሸፈኒታት ዕጸዎም። መኪና ትዝውር እንተ ኴንካ፣ ማዕጾን መስኮትን ናይ መኪናኻ ከም ዝዓጸኻዮ ኣረጋግጽ።

- መደባትካን ኣሰራርሓኻን ክትቀያይር ፈትን። ኣብ ከባቢኻ ብእግሪ ምጉዓዝ ትፈቱ እንተኾንካ ኣብ ዝተፈላለየ ሰዓትን መዓልትን ክትከይድ ፈትን።

*ምስ ናይ ምስጋና ኣብ መድረኽ ድሕነትን ውሕስነትን ዳግመ-ምጥያስ*